ኤጀንሲ ቴክኖሎጂ ሓበሬታን ርክብን ክልል ትግራይ ኣብ 2011 በጀት ዓመት ዝ/ዩ ንብረታት ንምድብ 1- ንዳታ ማእከል መስፋሕፋሒ ዘገልግሉ ኣቅሑት materials for data center types of device and expansion /፣ ብብርኪ ክልል ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ክዕድግ ይደሊ።

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሶኒ ጉንበት 26, 2011 (ልዕሊ 7 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ሰነ 7, 2011 8:30 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:2000
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:50.00
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ሰነ 8, 2011 9:00 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ናይ ኮምፒተር ተዛመድቲ አቁሑትን/ ኤሌክትሮኒክስ መሳርሕታትን መለዋወጢን/

1 በቲ ዘርፊ ናይ ዘመኑ ዝተሐደሰ ሕጋዊ ንግዲ ፍቃድ ዘይሃሰሰ ሐደ ኮፒ ከቅርቡ ዝክእሉ፤

2 ናይ ግብሪ ከፋላይ መለለይ ቑፅሪ TIN ሰርተፊኬት ዘይሃሰሰ ሐደ ኮፒ ከቅርቡ ዝክእሉ፤

3 ንተወሳኪ እሴት ታከስ /VAT/ ዝተመዝገቡ ኮይኑ VAT ምዝገባ ሰርተፊኬት ናይ ሚያዝያ መጋቢት 2011 ዓ/ም ባት ድክለሬሽን ዘይሃሰሰ ሐደ ኮፒ ከቅርቡ ዝክእሉ፤

4 በቲ ዘርፊ ናይ መቅረባይነት ዝተመዝገበ ምኺኑን ናይ ዘመኑ ዝተሐደሰ ምስክር ወረቀት ዘይሃሰሰ ሐደ ኮፒ ከቅርቡ ዝክእሉ፤

5 ኣብቲ ጨረታ ሰዓራይ ውዕሊ ኣሲሩ በቲ ዝተሓተተ ፅሬትን መጠንን ናብ ኤጀንሲና ብናይ ባዕሉ መጋዓዝያ እቲ ንብረት ከእቱ ዝክእል፤

6 ናይ መወዳደሪ ደኩሜንት ቴክኒካልን ፋይናንሻልን ስርዝ ድልዝ ዘይብሉ ናይቲ ትካል ሸምን ኣድራሻን ማህተምን ፌርማን ዘለዎ ኮይኑ ዋናን ቅዳሕን ነንበይኑ ኣብ ዝተዓሸገ ፖስታ ከቅርብ ዝኽእል፤

7 ተጫራቲ ንዝተዳለወ ዝርዝር መምርሒ ጨረታን ሰነድ ጨረታን ዘይምለስ ብር 50.00 (ሓምሳ ቅርሺ) ጥራሕ እናከፈሉ ካብ ናይ ኤጀንሲና ደጋፊ ከይዲ ስራሕ ዕደጋን ፋይናንስን ንብረት ምም/ር ቢሮ ቑፅሪ 6 ካብ ዕለት 23/09/2011 ዓ/ም ክሳብ 07/10/2011 ዓ/ም ኣብ ዘሎ ግዚያት አብ ናይ ስራሕ ሰዓት ብኣካል ብምቅራብ ሰነድ ጨረታ ገዚእኩም ክትወዳደሩ ትክእሉ፤

8 ተጫረቲ ናይ ጨረታ ዉሕስና መክበሪ ሰነድ ጨረታ ብር 2000.00 ብር ብሸም ኤጀንስና ኤጀንሲ ቴክኖሎጂ ሓበሬታን ርክብን ክልል ትግራይ / Information Communication Technology Agency / ብCPO ወይ ብሰርቲፋይድ ቼክ ወይ ድማ ብጥረ ገንዘብ ናብ ዝተዳለወ ናይ ኤጀንስና ጨረታ ሳንዱቅ ወይ ድማ ጨረታ ቅድሚ ምክፋቱ ከቅርብ ዝክእል፤

9 ተጫረቲ ንዝወዳደረሉ ምድብ /ሎት/ በቲ ዝተዳለወ ስራሕ መዘርዘር ወይ ስፔስፊኬሽን መሰረት ኣብ ውሽጢ 14 መዓልቲ እቲ ንብረት ከቅርብ ዝክእል፤

10 ዋጋ ፀኒዑ ዝፀንሓሉ እዋን እቲ ግልፂ ጨረታ ተራእዩ ሰዓራይ ካብ ዝተፈለጠሉ ዕለት ጀሚሩ ክሳብ 35 ናይ ስራሕ መዓልቲ ይከውን።

9 እቲ ጨረታ ዕለት 07/10/2011 ዓ/ም ልክዕ ሰዓት 8:30 ቅ/ሰዓት ተዓፅዩ በቲ ዕለት ንሱ ሰዓት 9:00 ቅ/ሰዓት ኣብ ኤጀንሲ

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

ቴክኖሎጂ ሓበሬታ ርክብን ክልል ትግራይ ከይዲ ስራሕ ዕደጋ ፋይናንስን ንብረት ምምሕዳርን ደጀን ቢሮ ቁፅሪ 106 ተጫረቲ ወይ ሕጋዊ ወከልቶም ኣብ ዘለዉሉ ይክፈት።

10 ብሕድሕድ ዝቀረበ ዋጋ ሰዓራይ ሓደ እንተዘይኮይኑ ብድምር ዝቀረበ ዋጋ ብምውድዳር ሰዓራይ ይፍለ፤

11 ኤጀንሲና ነቲ ጨረታ ዝሐሸ መማረፂ እንተረኪቡ ብሙሉእ ይኹን ብክፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

12 እቲ ጨረታ ምስ ተከፈተ ኤጀንስና ናይ ዝግዛእ ንብረትን ዋጋ መጠን ክሳብ 20% ክቅንስ ክዉስክ ይክእል እዩ።

13 ሰዓራይ እቲ ዝሰርሖ ናይ ስልጠና ስራሕቲ ይኹን ንብረት ብበዓል ሞያ (ብፅሬት መረጋገፂ ኮሚቴ) ተፈቲሹ ትክክለኛነቱን ምስ ተረጋገፀ ጥራሕ ክፍሊት ይፍፀም።

ሐበሬታ ንዝበለፀ ሓበሬታ ብቴሌፎን ቁፅሪ 0342-400527 ደዊልካ ምሕታት ይካኣል።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle